# ዝተውሃለለ ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን (ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-ESST)

## አብ ስራሕ ዝውዕል 1 ጥሪ (Jan.) 2024

### እዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) እንታይ ማለት እዩ?

ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ (ESST) ማለት አስራሕቲ ሚኖሶታ፤ ንሰራሕተኛታቶም ክህቡዎም ዝግባእ፤ ደሞዝ ዝኽፈሎ ናይ ስራሕ ፈቓድ እዩ፤ እዚ ፈቓድ ስራሕ ሰራሕተኛታት ንዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኪጥቀሙሉ ይኽእሉ። እቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ አባላት ስድራቤቱ ኪሓሙ ከለው ወይ ድማ አብ ልዕሊኡ ኮነ አብ ልዕሊ አባላት ስድራቤቱ ዝኾነ ዓይነት ዘቤታዊ ዓመጽ (domestic abuse) ወይ ጾታዊ ዓመጽ(sexual assault) ወይ ድማ ናይ ቀጻሊ ምክትታል(stalking) ገበን ኪፍጸሞ ከሎ ሓገዝ ንምሕታትን ንምርካብን ዝውሃቦ ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን እዩ።

እዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝተብሃለ ፍቓድ ስራሕ ዝኽፈል ልከዕ እቶም ሰራሕተኛታት ምስ ሰርሑ ዝኽፈሉ ንሱውን ከምኡ ዝኽፈል እዩ።

### ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝብሃል ፈቓድ ንምርካብ ብቑዕ ዝኸውን መን እዩ?

ሓደ ሰራሕተኛ ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝብሃል ፈቓድ ሕማምን ሓለዋ ድሕነትን ብቑዕ ዝከውን፤

- አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ንሓደ አብ ሚኖሶታ ተቐማጣይ ዝኾነ አስራሒ እንተውሓደ 80 ሰዓታት ክሰርሕ ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝግመት ሰብ
- ናጻ በዓል ኮንትራት ኪኸውን አይግብኦን እዩ።

ግዜያዊ ሰራሕተኛታት፣ አብ ዝተወሰነ ወቕቲ ጥራይ ዝሰርሑ ወይ ድማ ብመዓልቲ ቁሩብ ሰዓታት ዝሰርሑ ሰራተኛታት ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ኪረኽቡ ብቑዓት እዮም።

### ከመይ እዩ ነዚ ናይ ሕማም ይኹን ናይ ሓለዋ ድሕነት ፍቓድ (የኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ምውህላልን ምውሳድን ዝከኣል?

- አስራሓይ በቲ ሕጊኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዘፍቅዶ መሰረት እንተዘይከይዱ፤ ሰራሕተኛታቱ ነንዝሰርሑሉ 30 ሰዓታት፤ እንተውሓደ ናይ ሓደ ሰዓት ናይ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ፍቓድስራሕ ከዋህልሉ ይኽእሉ።
- እዚ ፈቓድስራሕ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) እቶም ሰራሕተኛታት ስራሕ ካብ ዝጀመሩሉ መዓልቲ ኪውህለል ይጅምር። እቶም ሰራሕተኛታት ‘ውን ነቲ ዘዋህለሉዎ ፈቓድስራሕ አብ ዝደለይዎ ግዜ ኪወስዱዎ ይፍቀደሎም።
- ስራሕቲ፤ ነፍስወከፍ ሰራሕተኛ አብ ውሽጢ ሓደ ዓመት እንተውሓደ 48 ሰዓታት ግዜ ዕረፍቲ (ፈቓድሕማምን ሓለዋ ድሕነትን) ከዋህልል ከፍቅዱ አለዎም። እቲ ሰራሕተኛ ካብቲ ዘዋህለሎ ፈቓድአብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ተጠቒሙ እንተይዘይወዳኦ፤ እቲ ዝተረፈ ሰዓታት፤ ካብ 80 ሰዓታት ዘይበዝሕ፤ ናብቲ ዝቕጽል ዓመት ኪማሓለለፈሉ ከፍቅዱ ይግባእ።
- ኣባላት ስራሕ እቲ ESST ንምትታትን ንዝሓደረ ካብ ክልተ ዝተኸባበሉ መዓልቲ ስራሕ ብላዕሊ ንዝጠቀመ ክሰንደ· ሰነድ ከኣባላት ስራሕ ይኽእሉ እዮም።

### ነዚ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ዝብሃል ፈቓድ እንታይ ዝኣመሰለ ጉዳያት ከጋጥም ከሎ እዩ እቲ ሰራሕተኛ ኪጥቀመሉ ዝኽእል?

እዘን ዝስዕባ ምኽንያታት ከጋጥማ ከለዋ እቲ አብ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ተሓንጺጹ ዘሎ ፈቓድ ኪጥቀመሉ ይክኣል፤

- ባዕሉ እቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ አባል ስድራቤቱ ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ ዝኾነ ካልእ አካላዊ ሕማም ከጋጥሞ ከሎን ወይ ድማ ንኸይጋጥሞ ናይ ምክንኻን ስጉምቲ ኪወስድ አብ ዝግባኦን ኪጥቀመሉ ይኽእል።
- አብ ልዕሊኡ ኮነ አብ ልዕሊ አባላት ስድራቤቱ ዘቤታዊ ዓመጽ (domestic abuse) ወይ ጾታዊ ዓመጽ (sexual assault) ወይ ድማ ቀጻሊ ናይ ምክትታል(stalking) ገበን ኪፍጸሞ ከሎ ካብ ስራሕ ምስ ዝተርፍ
- ብምኽንያት ሕማቕ ኩነታት አየር ወይ ድማ አብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወረደ ሓደጋ እቲ ሰራሕተኛ ወይ ድማ አባል ስድራቤቱ ዝኾነ ሰብ ዝሰርሓሉ ቦታ ወይ ዝምሃረሉ ቤት ትምህርቲ እንድሕር ተዓጺዩ
- ካብ ስድራ ቤቱ ሰብ እንተሞይቱ ስነስዓት ቀብሪ ንምድላው፣ ወይ ድማ እት አባል ስድራቤቱ ምስ ሞተ አብ ዝልዓል ገንዘባዊ ኮነ ሕጋዊ ጉዳይ ንምስታፍ

### ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ምውሳድ ብሕጊ ዝተከልከለ እዩ።

ሓደ ሰራሕተኛ አብ ኢ-ኤስ-ኤስ-ቲ-(ESST) ሕጊ ዘለዎ መሰል ተጠቒሙ ናይ ሕማም ፈቓድ እንተወሲዱ፤ ኣስራሒኡ ዝኾነ ዓይነት ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ኪወስድ ወይ ድማ ዝኾነ ዓይነት አሉታዊ ተግባር ኪፍጽም ዘይሕጋዊ እዩ።



**ፈቓድ ሕማም**

ሕማም ሓንጎል ወይ ድማ አካላዊ ሕማም ምስዘጓንፍ ወይ ድማ ንኽልቴኡ ሕማማት ንምውጋድን ክንክን ንምግባርን ዝውሰድ ፈቓድ ስራሕ



**ፈቓድ ሓለዋ ድሕነት**

ንዘተፈጸመ ዝኾነ ዓይነት ዘቤታዊ ዓመጽ (domestic abuse) ወይ ጾታዊ ዓመጽ (sexual assault) ወይ ድማ ናይ ቀጻሊ ምክትታል(stalking) ገበን ንምክታታል ግዜ ከድሊ ከሎ



DEPARTMENT OF LABOR AND INDUSTRY

651-284-5075 • 800-342-5354 • esst.dli@state.mn.us • sickleave.mn.gov

መዘኻከሪ፡ እዚ ብዛዕባ ሕጊ ሚኖሶታ ሓጺር መግለጺ እዩ። እቲ ዕላማ ድማ ከም ሓደ መምርሒ ኪጠቅም መንታን እምበር ከም መተካእታ ገለገለ ሕግታት ሚኖሶታ ኪውሰድ የብሉን።